# ዋዛ ናብ ቁምነገር

ሓደ ጸቓጢ ስርዓት ብብዙሕ ኣገባባት ኢዩ ዝግለጽ:: ብትያትር፡ ብግጥሚ፡ ብደርፊ፡ ብማሰ (ኣውሎ)፡ ብዕላል(ዋዛ) ይግለጽ:: ሎሚ ሒዘልኩም ቀሪበ ዘሎኹ ዋዛ ናብ ቁምነገር ዝብል ኣርእስቲ ኢዩ:: ከምቲ ልሙድ ኣበሃህላ ዋዛ ምስ ቁምነገር ኢዩ:: ኣነ ግን እቲ ዋዛ ናይቲ ሓቂ ምንጽብራቕ ስለ ዝኾነ ዋዛ ናብ ቁምነገር ኢለዮ ኣሎኹ:: ግን "ኣድሓኖም ከኣ ኣርኪቡ ዋዛ ምስ ቁምነገር ክጽሕፍ" ከይትብሉኒ ሓደራ::

ነዛ ኣርእስቲ ዚኣ ክመርጽ ዘገደደኒ፡ ዝሓለፈ ሰሙን "ንእሽቶ ሓወይ ክንዲ ሓሙተይ" እትብል ድራማ (ትያትር) ብኤሪ--ቲቪ (Eri-tv) ንኣዋርሕ ዝኣክል ዝተርኣየት ምስ ረኣኹ ኢዩ:: ብመሰረቱ ኣይኰነንዶ ብኤሪ--ቲቪ ዝዝርጋሕ ትያትር ይኹን ወይ ፊልምታት ክርእስ ናይ ብዝኾነ መድያ ዝዝርጋሕ መዛናጊዒታት ዘይካታተል ሰብ ኢየ፡ ግዜ'ውን የለን:: ኰይኑ ግን ሓደ ዓርከይ "እዛ ትያትር እዚኣ ከምዘለዋ ስርዓት ህግደፍ ስለ እተንጸባርቕ ክትሪኣ ኣሎካ" ስለ ዝበለኒ ኢየ ብሲዲ (CD) ሪኤያ::

ምናልባሽ ብዙሓት ከም ዝራኣኹምዋ እታ ትያትር ነዋሕ ኢያ ናይ ሓሙሽተ ሲዲታት(CDs) ኮይና ኣብ ቲቪ-ኤሪ ንኣዋር ዝኣክል ብቐጻሊ ዝተርኣይት ኢያ፡ ኣብዚ ብዝርዝር ከገልጾ ዘይካኣል ኢዩ:: ብሓጺሩ ግን ስጢፋኖስ  ቀንዲ ተዋሳኢ ብምዃን ከም ሓደ ጉርጉር ሽፍታ ኰይኑ ይሰርሕ:: እቲ ቀንዲ መሸፈቲኡ ንመውስቦ ጓል ዘይሃብኩምኒ ኢሉ ኢዩ:: ነቶም ቤተሰብ ጓል ድማ ንኹሎም በብሓደ ይኣስሮም:: ብሽምግልና ወይ ዕርቂ ድማ ዘይኣምን:: ነቶም ሽውዓተ ዝኾኑ ኣሐዋቱ ኩሎም የሽፍቶም፡  ኣብቲ ዓዲ ዓመጽ ንኽፍጽሙ ከኣ ብሓይሊ  ይእዝዞም::

እቶም ዓዲ ሰለይቲ እናሰርዐ ነንሕድሕዶም ከምዘይተኣማመኑ ጌርዎም::ምስቲ ናቱ ሓሳብ ዘይሳማምዑ ንኩሎም ይኣስሮም:: ምስቶም እንዳጓል ምስ ዝተሓባበሩ ከኣ ገዝኦም፡ እኽሎም ወይ ድማ ሓሰሮም የንድደሎም:: ኮታ እቶም ዓዲ ተመሊሶም ነቶም እንዳጓል " ንሓያልሲ እትፈትዎ ሂብካ ኣፉንዎ ከምዝበሃል፡ እንታይ ገበርናኩም ነዛ እትፈትውዋ ጓልኩም ሂብኩም ሰላም ዘይትቡና"ይብልዎም::

ስድራ ቤት ድማ እንካብ ንስጢፋኖሰ ምሃብ ዘይግበር ይገብሩ:: ንዓቢ ሓዋ የሕጽይዋ:: ጓል በሪራ ትጠፍእ:: ስድራቤት ሕንፍሽፍሽ ይኣትዋ::

እቲ ቀንዲ ምቐረት ናይዚ ትያትር ህዝበስመራ ብፍላይ ድማ መንእሰያት ስጢፋኖስ ብኣቶ ኢሳያስ ስለ ዝምሰል ኢዩ:: ከምቲ ኣቐድም ኣቢለ ዝገለጽኩዎ፡ ስጢፋኖስ ካብ በረኻ (ጫካ) ናብታ ዓዲ ክኣቱ እንከሎ፡ ዝረኣዮ ሰብ ቀልጢፉ "ስጢፋኖስ ዓዲ ኣትዩ ኣሎ" ይብል'ሞ ሰብኩሉ ይጥንቀቕ:: ኣብ ኣስመራ ድማ ኣቶ ኢሳያስ ካብ ባጽዕ ናብ አስመራ ክድይብ እንከሎ "ስጢፋኖስ መጺኡ" ይብልዎ::

ዋእ! ሓቆም ከኣ እታ ስጢፋኖስ ዘደልያ ዘሎ ጓል ምስ ናይ ኣቶ ኢሳአሰ ስልጣን ትመሳሰል፡ ከምቲ ሽፍታ ስጢፋኖስ ብሓይሊ ዝደልያ ዘሎ ጓል፡ ኣቶ ኢሳያስ ህዝቢ ኤርትራ "ስልጣን ናብ ዋንኡ ናብ ህዝቢ ኣረክብ" እንተ በሎዶ ኣይኮነን ካብ ሓጊ ወጺኡ ብሓይሊ ዝኣስርን ዝቐትልን ዘሎ? ኣብዚ ትያትር'ዚ እታ ስድራቤት ምስ ጨነቓ ደቃ ነንሕድሕዶም ከተዋስብ ዘተገደደት፡ እዚ ሕጂ ዘሎ ኩነታት ናይ ሳዋ ኣይመስልን ድዩ? ብሓጺሩ ከኣ ኣቶ ኢሳያስ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ኣይሸፈተን'ድዩ?

ኣብዚ ትያትር'ዚ ኣዚያ ዝማረኸትኒ ነጠቢ ኣላ:: ዳርጋ ኣብቲ መወዳእታ ናይቲ ፊልም፡ ንሓንቲ ኣብቲ ገረብ እትርከብ ፍረ፡ ሓንቲ ዑፍ መጺኣ ክትበልዓ ትፍትን፡ ካብኣ ዝሓየለት ዑፍ መጺኣ ተሕድጋ፡ እንደገና ንዓኣውን ካብኣ እትሕይል ተሕድጋ፡ ጽንሕ ኢላ ካብ ኩለን ዝሓየለት ዑፍ ክተበልዓ ትፍትን'ሞ ኣብ መጨረሻ ኩለን ኣኼባ ጌረን ነታ ሓያል ዑፍ ኣልቂቐን ነታ ፍረ ተማቒለን ብሓባር ይበልዓኣ::

ናብታ ትያትር ክምለስ፡ እታ በሪራ ዝጠፍአት ጓል (ሚለና) ስጢፋኖስ ንግዜኡ ይረኽባ'ሞ ብሓይሉ ንሓው ክትምርዐውዮ ኢኺ ይብላ:: ንሳ ግን እንደገና ካብ ኢድ እዚ ሽፍታ መሊቓ ብምጥፋእ ዓዲ ትመለስ:: ዓዲ'ውን መሪረዎም ንስጢፋኖስ ሒዞም ናብ ሐጊ ከቐርብዎ ይሳማምዑ:: ስጢፋኖሰ ድማ ሰሚዑ ካብ ሃገር ወጺኡ ይጠፍእ:: ግርም ትያትር ዎ ግርም መደምደምታ!

ልክዕ ኢዩ ስርዓት ህግደፍ ጽኑዕ ሳንሱር ኣለዎ:: ግን ከኣ እቲ ንዓኦም ተመሊሱ ዝወቅዕ የርእዩ፡ ቀድሚ ሕጂ ይዝከረኒ፡ ንጉሰ ወይ ንጉሰ ዝብል ትያትር ሰሪሖም፡ ኣብ መወዳእታ እቲ ህዝቢ ንንጉሰ "ህዝቢ ቆጽሊ ዘየውደቐሉ መራሒ ኣይምርሓናን" በልዎ:: እሞ ንኣቶ ኢሳያስ ድኣ መን ቆጽሊ ኣውዲቕሉ? ብመሰረቱ እዚ ንስርዓት ህግደፍ ስለ ዝጻረር ክረኤ ኣይነበሮን::

ክቡራት ኣንበብቲ ሒጅ'ውን ግዜ'ዶ ረኺቡ ኢዩ ዋዛ ምስ ቁምነገር ክነግረና ከይትብሉኒ'ምበር ካብዚ ቀጺለ እዘን ዝስዕባ ዋዛታት ግን ድማ ቁምነገር ዝመልልአን ከካፍለኩም ፈቐዱለይ? ገሌኹም ሰሚዕኩምወን ክትኮኑ ትኽእሉ፡ ግንከ ክምስ ኢልኩም ክትሓልፍወን፡ እቶም ዘይሰማዕኩምወን ድማ ንኽዛናጋዓኹም ተስፋ እገብር::

1. ሓንቲ ነብሰ ጾር ሰበይቲ ኣብ አስመራ ናይ ሕርሲ መዓልታ ሓሊፉ ናብ ዶክተር ከደት'ሞ "ዶክተር እነሆ ዓስራይ ወርሐይ ሓሊፉ ቆልዓ ምውጻእ ኣብዩ" በሎቶ:: ዶክተር ድማ ስንቢዱ "ዋእ! ከኸውን ኣይኽእልን ኢዩ:: መዓልቲ ተጋጊኺ ኣሎኺ" በላ:: ንሳ ድማ "ኣይተጋገኹን:: ናይ መጀመርታ ውላደይ ኣይኮነን በዚ ጉዳይ'ዚ ዝተምኮርኩ ኢየ" በለቶ:: ዶክተር ተጣራጢሩ፡ "ይንቀሳቐስ'ዶ ኽ?" በላ:: ንሳ ድማ "ኣረ ይዛረብ እኳ ድኣ" ምስ በለቶ፡ "እንታይ ይብል" በላ:: "ኣለው'ድዮም ይብለኒ'ሞ መን'ዮም ንሶም ምስ በልክዎ፡ መን'ዶሎ ኢዩ ንሶም'ምበር ህዛባዊ ግንባር፡ ምስ በለኒ፡ እወ ኣለው ምስ በልክዎ ተመሊሱ ይድቅስ" በለት ይበሃል::

2. ብምግፋፍ ዝሰከሑ ዓሳታት ካብ የመን ሃዲሞም ናብ ገማግም ባጽዕ ይመጹ:: ኣብኡ ዝጸንሑ ዓሳታት፡ "እንታይ ኰንኩም ድኣ ሸበድበድ ትብሉ?" እንተ በልዎም፡
"ዋእ! ከመይድ'ዩ ኣብዚ ገፈፍቲ'ዶ ኣየለውን'ዮም?" ምስ በልዎም፡
"ኣብዝስ ሰብ'ምበር ዓሳ ኣይገፈፍን" በልዎም ይበሃል::

3. ሓደ ኤርትራዊ ዘጋ ሓደ ገዜ ሓንቲ ደርሆ ካብ ኣስመራ ገዚኡ ብኣውቶቡስ ንከረን ክኸይድ እንከሎ፡ ወተሃደራት ህግደፍ አብቲ ብሎኮ (ጫፍ) ናይ ከረን ጸኒሖም ናይ ቀረጽ ፍተሻ ይገብሩ ነበሩ:: መቸስ ንስርዓት ህግደፍ ገንዘብ ሂወቱ ኢዩ'ሞ "ነዛ ደርሆ ቀረጽ ክፈለላ" በልዎ:: ንሱ ድማ "ንደርሆ ከመይ ጌረ ቀረጽ ክኸፍለላ" ብማልተ ተኸራኺሮም:: ምስኡ ዝነበረ ዓርኩ "ኣታ ዓረከይ ከላ እንዶ

ገዳ እዛ ደረሆ ገለ እንቋቑሖ ከይተውድቕ'ሞ ዕዳ ከይውሱኹልካ ቅልጥፍ ክፈል ተገላገል" በሎ ይበሃል::

በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ዝመጽእ ዘሎ ኣብ ሃገርና ዝብዕል ልደት፣ ነቲ ብክርስትና ዝኣምን ህዝብና ርሑስ ልደት
ነቲ ብእስልምና ዝኣምን ህዝብና ድማ ርሑስ ዒድ ዓራፋት ይግበረልና ከምኡ ድማ ናይ ህዝብና ራህዋን ሓርነትን ሓድሽ ዓመት ንክኸውን ልባዊ ትምኒተይ ኢዩ::

ኣድሓኖም ፍትዊ(12-30-06)

comment: fitiwi@planet.nl